ኤርትራዊያን ኣፍ ኣርክቡ
ጽባሕ ክልተ ግዜ ከይትዛረቡ
ብስኒት እጅገኹም ሰብስቡ፣

መልሲ ካብ ደቀባት ኤርትራ
ሃገርና ኤርትራ ምስ ቀይሕ ባሕራ
ካብ ራስ ቁሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ
ተጋሩ ኮና ኣይንፈልጥ ኣምሐራ፣



ብጃንዳ ህግደፍ መንነትና ሐሲሩ
ዝያዳ ኹሉ ኣምሐራ ምስ ተጋሩ
ናብ ባሕሪ ኤርትራ ዘንቃዕሪሩ፣

እወ ወይ መንነትኩም ቀይሩ
ባንዴራኹም ድርብይዋ ንሐዋሩ
ሹዑኡ ናብ ኤርትራ ክትድመሩ፣

ኢትዮጵያዊያን ኢና ኣይትበሉ
ናብ ኣውሊዔይ መለይ ተጠቕለሉ
ናይ ኤርትራ ባንዴራ ኣንበልብሉ
ኣይፋል እንተ ኮይኑ ትም በሉ፣

ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ካብ ቀደሙ
ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ ኣይኮነን ሽሙ
ቀይሕ ባሕር ኤርትራ ክትጥቀሙ
ኩሉ ግብሪ ይኽፈል ከም ዓለሙ፣




የኛ ናይና ኣይተብዘሑ

*ብብዝሕኹም ኣይትመክሑ*
*ኤርትራዊ ሴየፉ እንተ መሊሑ*
*ብጀጋኑ ፋሕ ትምሉ ትፍንጥሑ፣*

*ወይ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ስገዱ*
*እግርኹም መሊእኩም ክትከዱ*
*ሕጊ ኣልቦ ተገዲዶም ምስ ወረዱ*
*ብሕጊ ቅዋም ኤርትራ ክትፍረዱ፣*

*እዋሐስ ኣግብእ ኣብ ጽላል ዳዕሮ*
*ህርፋን ባሕሪ ዘለዎም ተማሃሮ*
*ንባሕሪ ኤርትራ የለን ዝደፍሮ*
*ተጋሩ ኣምሐራ ክገብሩ ኣእምሮ፣*

*መንዩ ንሰላም ዝኣበየ*
*እንዳበለ ኤርትራዊ እየ*
*ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ*
*ንህዝቢ ኤርትራ ዘድመየ፣*

*መንዩ ዘይናቱ ዝምነ*
*ህዝቢ ትግራይ ዘይኮነ*
*ጉጅለ ወያነ*
*ምስ ጎረቤቱ ከይተሳነ*
*መንዩ ዝቀሰነ*
*ውዲተኛ ከምዘይ ወክለኒ ኣሚነ*
*ከም ኤርትራዊ መግለጽየይ ኣነ*
*ምትግባር ናይ ኣልጀርያ ውሳነ።*

*ሐሕ ንቅንፍዝ ምስ ወኻርያ*
*ንጉጅለ ወያነ ንጉጅለ ሻዕብያ*
*ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን እያ*
*ከም ትማሊ ክንሰርሕ ኢና ቅያ፣*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ« ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑሩር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*